# ሻምናይ ዋዕላ

*ዮዲት ክብሮም*

ካብ ርሑቕ ቀረባ ዝመጻእና መንእሰያት
ዋዕላ ክንሰምዕ፡ ሓሳባት ክንለዋወጥ
ሓድሕድና ክንመሃር፡ ሓቢርና ክንውዕል
ሓበን እስመዓኒ፡ ኣብዚ ዋዕላ ክካፈል።

ኣብ ወጻኢ እንነብር፡ ኣብ ስደት
መስርሕ ክጥዕም፡ ናይ ዓደቦ ዜግነት
መብቆል ዘየረስዕ፡ ኤርትራዊ መንነት
ንቃለስ ኣለና፡ ብሜዲያ ብኢንተርነት።

መልሓስና ጨይፉ፡ ቋንቋ እንተሓጸረ
ብምቖት ስደት፡ ከይተዓሸወ ከይተደናገረ
ኤርትራውነት ኣሎ፡ ከም ዓረ ዝተረረ
ዓዱ ዘቋምት፡ ምስ ማዕበለ ምስ ተማህረ።

እወ፡ ኣይንታዩን ኢዩ፡ ዓዲ ጓና እንተኣማዕበለ
ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ፡ ሃገረይ ዝብሌ
ብመንፈስ ዓዱ’ዩ፡ ንግዚኡ እንተተላለ
መርኣያ’ዩ፡ ናብዚ ዋዕላ ዝተኻፈለ።

ፍቕሪ ሃገር ካብ ስድራና ተወሪሱ
‘’ኤርትራ’’ ምስ በሉ፡ ንድሕሪት ዘይምለሱ
ብተወፋይነት፡ ለይትን ቀትርን ዝቃለሱ
ብኣብነት ዝጥቀሱ፡ ተቓሊሶም ዘቃልሱ።

ነዚ ሕጂ ገጢምዋ ንኤርትራ

**ብዓመጽ ሕስድና ንሓቂ ዝቕብራ**

**መኸተና ቀጻሊ'ዩ፡ ኣብ ዘዘለናዮ ስፍራ**

**ወሳኒ መድረኽ'ዩ፡ ናይ መንእሰያት ተራ።**

**ቶኾሲ ዘይብሉ፡ ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናት**

**ኣባና ዝቐንዐ፡ ኣብ መንእሰያት**

**ህዝባ ኣሕቚቚካ፡ ሃገር ንምጽናት**

**ክንነቕሓሉ ይግባእ፡ ልዕሊ ዝኾነ እዋናት።**

**ናብ ምዕባለ ዓለም፡ ንምብጻሕ**

**ሓንጎል ኣየድልየናንዩ፡ ካብ ጓና ክንልቃሕ**

**ግድላት ሃገር፡ ብሓይሊ መንእሰይ'ዩ ዝፍታሕ**

**መዓንጣና ሸጥ ነብል፡ ኣበርቲዕና ንስራሕ።**

**ኣብዛ ጋብላ ሓድነት፡ ዒላ ፍቕሪ**

**ሃገር ዘውሕስ፡ ጀጋኑ እተፍሪ**

**መንእሰያት ትምልምል ተቐበልቲ ሕድሪ**

**ስፍራ ሓበን ኤረይ፡ ንዘልኣለም ክበሪ ንበሪ።**

***ዮዲት ክብሮም***

***ካብ ጀርመን መጺኣ፡***

***ኣብ ፀይ ዋዕላ መንእሰያት ዝተሳተፈት***